# ብዛዕባ ትብዓት መዝሙር ዘምር

**መዝሙር 27:6 ኣንብብ።** ዳዊት ሙዚቃ ይፈቱ፡ ብዙሕ ግዜ ኸኣ ንየሆዋ መዝሙር ውዳሰ ይዝምር ነይሩ። መብዛሕትኣን እተን መዝሙራት ከኣ ኪተብዕ ሓጊዘናኦ እየን። ንዓኻ እውን መዝሙር ክትተብዕ ኪሕግዘካ ይኽእል እዩ።

ግጥሚ እታ “ኣትብዓና” እትብል መዝሙር ኣንብባ። እሞ ደኣ፡ ካብዛ መዝሙር ክትተብዕ ዜኽእለካ እንታይ ምኽንያታት ረኺብካ፡ ነታ መዝሙር ከተጽንዓ ፈትን፣ ድሕሪኡ ምስ ስድራ ቤትካ ነታ መዝሙር ተለማመዱላ።

ዕጸፍ



መዝሙር 73

## ኣትብዓና

(ግብሪ ሃዋርያት 4:29)

1. ክንምስክረሎም ከለና፡
ብዛዕባ ዓብዪ ስምካ፡
ብዙሓት ይጺረሩና፡
ይገብሩልና ማሕለኻ።
ንዓኻ’ና ንእዘዝ፡
ዋላ’ኳ ተጕባዕብዑልና።
ስለዚ፡ ሃበና መንፈስካ፡
የሆዋ፡ ስማዕ ጸሎትና።

(ኣዝማች)

ኣትብዓና፡ ኦ የሆዋ፡
ክንነግር መልእኽትኻ፣
ብዘላ ምድሪ ኽትሰምዕ፡
ለግሰልና ሓይልኻ።
ኣርማጌዶን ቀሪቡ’ላ፡
ግን ክሳዕ እትመጽልና፡
ኣትብዓና፡ ኦ የሆዋ፡
ኣብ ስብከትና።

2. ንፈርህ እኳ ’ተ ኾንና፡
ፍጥረትና ኾይኑ ሓመድ፡
ደገፍካ የበርትዓና፡
ነሰንፎ ንስምባድ።
ምፍርራሆም ርእ፡
ንታህዲዶም’ውን ተመልከት፣
ንልምን ክትህበና ትብዓት፡
ክንጸንዕ ኣብ ዕዮ ስብከት።

(ኣዝማች)


www.jw.org/ti © 2016 Watch Tower Bible and Tract Society of Pennsylvania